# ሓጸርቲ ዜናታት

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
## 27.08.2006

1. ስርዓት ኣስመራ፡ ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም መንእሰያት፡ ተመሃሮ ውን ከይተረፉ በስገዳድ ምዕስካር ጀሚሩ። በዚ ከኣ፡ እቲ ንተመሃሮ ክሳዕ 11 ክፍሊ ዝበጽሑ ካብ ምዕስካር ሓራ ዝገብሮም ዝነበረ ናይ ቀደም ሕጊ ብኻልእ ሓድሽ ሕጊ ተተኪኡ ኣሎ ማለት ኢዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ካብ መጀመርያ ወርሒ ለካቲት 2006 ኣትሒዙ ተመሃሮ ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ ክገፍፍ ጀሚሩ። ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ ጕሉጅን ተበልድያን ኣከላትን ገርገፍን ሳቦንያይን ጥራሕ ዝተገፉ ተመሃሮ 4,700 ክኸውኑ ከለዉ፤ ካብ ዓዲ ኻላ ውን፡ ተመሃሮ ኣብ 35 ናይ ጽዕነት መኻይን ተጻእኢኖም ተወሲዶም። እቶም ካብ መታሕት እተገፉ ናብ መደበር ታዕሊም ዊዓ፤ እቶም ካብ ከበሳ እተገፉ ድማ ናብ ሳዋ ይውሰዱ ከምዘለዉ ተፈሊጡ ኣሎ። እዚ ከኣ፡ ህድማ ንምኽልካል ተባሂሉ እተመርጸ ስልቲ ኢዩ። እንተኸውነ ግን፡ ቍጽሪ ናይ ካብ ኣስገዳድ ዕስክርና ዘምልጡ ዘለዉ መንእሰያት ክውስኽ ደኣ'ምበር ክጐድል ኣይተራእየን።

ኣወዳትን ኣዋልድን ዝርከብዎ ናብ መደበር ስደተኛታት ወድሸሪፈይ ዝበጽሑ መንእሰያት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

ብዕለት 27.02.2006 ............... 52 ስደተኛታት፤
ብዕለት 28.02.2006 ............... 86 ስደተኛታት፤
ብዕለት 01.03.2006 ............... 59 ስደተኛታት፤
ብዕለት 04.03.2006 ............... 69 ስደተኛታት፤
ብዕለት 05.03.2006 ............... 95 ስደተኛታት፤
ብዕለት 06.03.2006 ............... 40 ስደተኛታት፤
ብዕለት 07.03.2006 ................ 94 ስደተኛታት።

2. ብዕለት 18.03.2006 መንእሰያት ተህድሙ ኣለኹም ብዝብል ክሲ፡ ስርዓት ኣስመራ፡ ኣብ ከተማ ተሰነይ ክልተ መንእሰያት ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ረሺኑ።

3. ኣብ ካልኣይ ሰሙን ናይ ወርሒ ለካቲት 2006፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ መንሳዕ፡ ሓምድ ኣደም እተባህሉ ብዕድመ ድፍእ ዘበሉ ኣቦ፡ ደቅኹም ኣህዲኩም ብዝብል ክሲ፡ ካብ ሓሚሞም ደቂሶምሉ ዝነበሩ ዓራት ወሲዱ ከምዝኣሰሮምን፤ 50,000 ናቕፋ ከፈሎም ብውሕስነት ክወጹ ድሕሪ ምፍራሞም፡ ኣብ'ቲ ቤት ማእሰርቲ ስለዝዓረፉ፤ ቤተ ሰቦም ናይ'ቲ ዝፈረምሉ 50,000 ናቕፋ ከይከፈሉ ሬሳኦም ክወስዱ ከምዘይክእሉ ስለ እተንግሮም፡ መቕጻዕቶም ከፊሎም ሬሳኦም ከምዝወሰዱ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝመጸና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።